# *ምኽርታት ምፍናዉ ካብ ሆስፒታል፡ ንዓኺ ንመጥባሕቲ ምእላይ ማህጸን ብመንገዲ ርሕሚ፡ ምእላይ ማህጸን ብሙሉኡ ምስ ኣፍ ማህጸን*

*ብመንገዲ ርሕሚ፡ (vaginal hysterektomi) መጥባሕቲ ምእላይ ማህጸን ተኻይዱልኪ ኣሎ።*

| | |
|---|---|
| *መድመይቲ* | *ቃንዛ ኣልቦ ዝኾኑ መድመይቲታት፡ ድሕሪ መጥባሕቲ ክጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ገለ ሰሙናት ድሕሪ ናብ ቤትኪ ምኻድኪ'ዉን ዘይተጸበኽዮ መድመይቲ ክረኣየኪ ይኽእል እዩ። ማህጸንኪ ብሙሉኡ ስለ ዝተኣልየት ድማ፡ ወርሓዊ ጽግያት ክመጸኪ ኣይኮንን። እንተኾነ ግን ኣብቲ ናይ መጀመርያ ወቕቲ ነኣሽቱ መድመይቲታት ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም።* |
| *ጾታዊ ርክብን ናይ ሓባር ናብራን* | *ኩነተ ሓባር ናብራ፡ ብሰንኪ መጥባሕቲ ዘምጽኦ ለዉጥታት የለን፡ እንተኾነ ግን፡ ማህጸንኪ ብሙሉኡ ስለ ዝተኣልየት፡ ንጾታዊ ርክብ ክሳብ 4 -6 ሰሙን በሰላታት መጥባሕቲ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ርሕሚ ክሳብ ዝሓዊ ምጽባይ ከድልየኪ እዩ።* |
| *መግቢ* | *ከምቲ ልሙድ ተመገቢ። ድርቀት ምስ ዝስምዓኪ ግን፡ ፍሩታ ካትሪን፡ እንጣጢዕን ሓሰር ንፋይ ስርናይን ተመገቢ። ብዙሕ ፈሳሲ ምስታይ ድማ ኣይትረስዒ። ኣድላዪ ምስ ዝኸዉን ድማ፡ ኩነታት መዓናጡ ዘመዓራሪ መድሃኒት ዉሰዲ።* |
| *ፈኲስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ* | *ብእግሪ ዘወር ምባልን ካብ ቤት ወጻኢ ምንቅስቓስን፡ ካብታ ካብ ሆስፒታል ዝወጻእክላ መዕልቲ ክትጅምሪ ትኽእሊ ኢኺ።* |
| *ዝያዳ ዓቕሚ ዝሓትት ኣካላዊ ምንቅስቓስ* | *እግሪ ጉዕዞ፡ ሳዕስዒት፡ ጂምናስቲክን ጉያን፡ 4 ሰሙን ድሕሪ ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ፡ ክትጅምሪ ትኽእሊ።* |
| *ከበድቲ ሰኽማት* | *ን4 ሰሙን ኣወግዲ!* |
| *ምእላኽን ምሕጻብ ሰብነትን* | ኣብ ድላይኪ እዋን ነብስኺ ምሕጻብ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ባስካ ምእላኽን ኣብ ናይ ዉሽጢ ኮነ ግዳም መሓንበሲ ምሕንባስን ግን ን 10 ክሳብ 14 ሰሙን ኣወግዲ። |

**ረስኒ፡ ብዙሕ መድመይቲ ወይ ዝያዳ ቃንዛ ምስ ዘጋጥመኪ፡ ምስ ሆስፒታል ተራኸቢ!**

መጥባሕቲ ማለት፡ ኩሉ ግዜ፡ ንኣብነት ንረኽሲ፡ መድመይቲ፡ ምዕጋት ሰራዉር ደምን ከቡዳእቲ ዉሽጣዊ ክፍሊ ኣካላትን ምቅላዕ ማለት እዩ። **ስለዚ፡ ረስኒ፡ ብዙሕ መድመይቲ ወይ ዝያዳ ቃንዛ ምስ ዘጋጥመኪ፡ ኩሉ ሳዕ ምስ ሆስፒታል ክትራኸቢ ኣለኪ፡** ምኽንያቱ፡ እዚ ተርእዮታት'ዚ ምልክታታት ናይ ተዳሪቢ ሕማም ክኸዉን ይኽእል እዩ።

ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ናብ ዝስዕብ ትድዉሊ፡
ሆስፒታል ስካራቦሪ ሕክምና ማህጸን፡ ኣማኻሪት ነርስ፡ ቁ. ስልኪ 010 473 92 20
(SkaS gynmottagning, rådgivande barnmorska, telefon)
ሰኑይ - ሓሙስ፡ ሰዓት 7.00–14.20
ዓርቢ፡ kl 7.00–11.50

ኣብ ዝተረፉ ሰዓታት ድማ
ሓበሬታ ክንክን ሕማም ቁ. ስልኪ 1177 ደዉሊ

ምስ ሰላምታ
ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ሆስፒታል ስካራቦሪ
*Kvinnokliniken, Skaraborgs Sjukhus*